ሱር ኮንስትራክሽን ሓላፍነት ዝተወሰነ ዉልቀ ማሕበር መቐለ ፕሮጀክት ስራሕ መንገዲ ሰመማ እንዳባጉና ኣብ ዝሰርሑ ፕሮጀክት ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነት በርሚል ፣ ጎማ ፣ ዝተቃራረፀ ብረትን ፣ ባትርን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ብዕለት 4 መጋቢት 2012ዓ/ም ኣዉፅኢዎ ዝነበረ ጨረታ ብሰንኪ ሕማም ኮረና ዝተኣወ ናይ ምንቅስቃስ ገደብ ጠጠዉ ኢሉ ዝነበረ እንትከዉን ሐዚ እቲ ኣዋጅ ስለ ዝተመሓየሸ ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ረቃሕታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ክትወዳደሩ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሰነ 20, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 9, 2012 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 10, 2012 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

1 ናይዚ ዘበን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለዎ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ዘረጋግፅ መረዳእታ ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል

3 ተጫረቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ምኻኖም መረዳእታ ከቕርቡ ዝክእሉ

4 ቅድሚ ጨረታ ምዉፅኡ ዘሎ ሓደ ወርሒ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዘፍለጠሉ መረዳእታ ዘለዎን ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእልን

5 ተጫረቲ መኽበሪ ጨረታ 50,000.00 ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋፀ ቼክ ወይ ድማ ስፒኦ ምስ ናይ ዝርዝር ጨረታ ሰነድ ብፖስታ ዓሺጉ ክቀርብ ኣለዎ

6 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ምስ ተወሳኪ እሴት ታክስን በዘይተወሳኪ እሴት ታክስን ምኻኑ ብግልፂ ከቕምጡ ኣለዎም

7 ተጫረቲ ዝጫረዎ ንብረት ብኣካል ኣብ ፕሮጀክት ዛና ዝርከብ ኣስፋልት ፕላንት ቀፅሪ ዉሽጢ ናይቲ ፕሮጀክት ካምፕን ኣብ እንዳባጉና ኣድቫንስ ካምፕን ምርኣይ ይካኣል

8 ሰነድ ጨረታ ኩሉግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ኣብ ፕሮጀክት ፋይናንስ ቢሮ ዘይምለስ 100 ብር ብምክፋል ካብ ፕሮጀክት ሎጂስቲክስ ምዉሳድ ይካኣል

9 ሰዓራይ ጨረታ ምስተፈለጠ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ሙሉእ ብሙሉእ ከፊሉ ንብረቱ ከልዕል ኣለዎ እንተዘይ ኣልዒሊ ዘትዘሉ መኽበሪ ጨረታ ንቲ ትካል ኣታዊ ኮይኑ እቲ ጨረታ ን2ይ ግዜ ይጫረት

10 እቲ ጨረታ ካብ ዝተቃለሐሉ 20/10/2012ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 09/11/2012ዓ/ም ንተከታተልቲ 20 መዓልታት ይፀንሕ

11 መኽበሪ ዉሕስና ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ እቲ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ግዜ ጀሚሩ ን 3ተ ኣዋርሕ ይከዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ሰነድ ጨረታ 09/11/2012ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 9፡00 ዝክፈት ኮይኑ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኮልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይክፈት

13 እቲ ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 09 14 77 58 47 /09 11 81 89 92 /09 14 73 44 78

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle